# <u>ኣገልገልቲ ናይቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ጸጋ እምላኽ</u>

ብዲያ ዶ/ር ገ/እግዚኣብሄር ደብረጽዮን

***<u>ወደ መዝሙር ጐይታ</u>***

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣገልግሎት ምስ ተበገሰ ሰባት ናብኡ ክመጹን ክስዕብዎን ምጽዋዕ እዩ ዝጀሚሩ። እቶም ጻዊዒቱ ተቐቢሎም ክስዕብዎ ዝጀመሩ ደቀ መዛሙርቲ ተባሂሎም ይጽውዑ። እዚ ደቀ መዛሙርቲ ናይ ምግባር ባህሊ ኣብ ክርስቶስ ዝተጀመረ ዘይኮነስ ኣብቶም ቅድሚኡ ዝመጹ ኩሎም ዓበይቲ መራሕቲ ከምኒ ሙሴን ዮሃንስ መጥምቕን እንርእዮ ኣገባብ'ውን እዩ። ኣብ ወንጌል ዮሃንስ 9:28 ፈሪሳውያን ደቀ መዛሙርቲ ሙሴ ምዃኖም ክገልጹ ኢና እንርኢ ። ዮሃንስ መጥምቕ'ውን ደቀ መዛሙርቲ ከም ዝነበርዎ ኣብ ወንጌል ሉቃስ 5:33 ከምኡ'ውን ኣብ ወን ዮሃንስ 1:35 ነንብብ። እምበኣርከስ እቲ ናይ ጐይታ ጻውዒት ድማ ከም ናይ ኩሎም መራሕቲ ጻዊዒት ንወደ መዝሙርነት እዩ ዝነበረ። እቲ ኣገባብ ጻውዒት ዝመሳሰል እኳ እንተኾነ እቲ ፍልልይ ግና ኣብቲ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ካብቲ መራሒኦም ዝካፈልዎ ትሕዝቶ እዩ ዘሎ። እዚ ድማ ኣብ መንነት ናይቲ መራሒ ዝሙርከስ ጉዳይ ኰይኑ ኢና እንረኽቦ። እቲ ናይ እብራውያን ጸሓፊ ንብሉጽነት ክርስቶስን ኣግልግሎቱን ክርኢ እንከሎ ልዕሊ ኹሉ ምድራውን ሰማያውን ፍጥረታዊ መንነታት ጸብለል ዝበለ ኣምላኻዊ መንነት ከም ዘለዎ የነጽር። በዚ መንጽር ከኣ ጻውዒት ናይ ክርስትያን መዳርግቲ ክርከቦ ዘይክእል፡ ብሉጽ ትሕዝቶ ዘለዎ ጻውዒት ምዃኑ ኣየማትእን እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ንዓና ንክርስትያን፡ ከም ደቀ መዝሙር ክርስቶስ ከም ዝገልጸና ርዱእ ሓቂ እዩ። መሰረታዊ ትርጉም "ደቀ መዝሙር" ድማ ተኸተልቲ ወይ ሰዓብቲ ናይ ሓደ መራሒ ማለት እዩ። ትርጉሙ እዚ ኰይኑ ግን፡ እቲ ጻውዒትና ካብኡ ሓሊፍና ድማ ምስዓብና፡ ንምንታይ እዩ ኢልና ክንሓትት ኣድላዪ እዩ። እቲ ዘሐጉስ ነገር ድማ፡ ኣብቲ ናይ ክርስቶስ ናይ ጻዊዒት ጠለብ፡ እቲ ዕላማ ጻውዒትና'ውን ጐሊሑ ዝርከብ ምዃኑ እዩ። ኣብ ማር 3:14 ከም እነንብቦ፡ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ዝጸውዓሉ ምኽንያት "ምስኡ ኪኾኑን ክሰብኩ ክልእኮምን" ምንባሩ እዩ። እቲ ናይ መጀመርያ ዕላማ **"ምስኡ ንምኳን"** ማለት ምስቲ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ ጠቢቕካ ጽድቅን ህይወትን ንምርካብ እዩ። እዚ ድማ ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ኣብቲ ኣምላኽዊ ህይወቱ ንኽተኽለና እተጠቕመሉ መንገዲ (መስርሕ) ዘመልክት እዩ። ኣብቲ ናይ ሓቂ ጉንዲ ወይኒ ዝኾነ ጐይታ ካብ ምህላውና (ምጥባቕና) እተላዕለ ኸኣ ሰተይቲ እቲ ኣምላኻዊ ማራ ብምኳን ተማቐልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ንኽውን (ሮሜ 11:17 ፣ ዮሃ 15:1-9 ፣ 2 ጴጥ 1:4) ። ካብቲ ንዘርኢ ኣዳም ዝወደቖም ሓደጋ ማለት፡ ብምዉት ግብሪ ዝመልአ ሕልና፡ እንድሕነሉ መንገዲ ኸኣ ተኸፍተልና። ኣብ መልእኽቲ እብራውያን 9:14 ዝተጻሕፈ ሓሳብ ምስ እንርኢ፡ ዕላማ ናይዚ ምስ ጐይታ ብምኳን እንረኽቦ ካብ ምዉት ግብሪ ዝነጽሀ ሕልና ዘለዎ መንነት ድማ ነቲ ህያው ኣምላኽ ንምግልጋል ምዃኑ ንጹር እዩ። እቲ ካልኣይ ዕላማ ጻውዒት ናይ ወደ መዝሙር ክርስቶስ ከኣ **"ክሰብኽ ክልኣኽ"**፡ ማለት ነቲ ህያው ኣምላኽ ከገልግል (ሮሜ 7 :6) እዩ። ነዚ ሓቂ ዝድግፈና ክፍሊ ኣብ 1ይ ተሰሎንቄ 1: 9-10 "ነቲ ህያውን ናይ ሓቂ ኣምላኽን ከተገልግሉ፡ ነቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ እሞ ካብቲ ዚመጽእ ቍጥዓ ዜድሕነና ወዱ ኢየሱስ ከኣ ካብ ሰማያት ክትጽበዩ፡ ካብ ጣኦታት ናብ ኣምላኽ ከመይ ጌርኩም ከም እተመለስኩምን፡ እቲ ናባኻትኩም ምእታውና ኸመይ ዝበለ ኸም ዝነበረን፡ ብዛዕባና ባዕላቶም ይነግሩ እዮም።" ዝብል ንረክብ። ናይ ጻውዒቶም ዕላማ፡ ካብ ጣኦታት ናብ ኣምላኽ ክምለሱ - ህይወትን ድሕነትን ከኣ ክረኽቡ፡ ካብዚ ዝተላዕለ ድማ ነቲ ህያው ኣምላኽ ከገልግሉ ምእንቲ ክኽእሉ ነበረ። መዛዘሚ ናይዚ ኹሉ ድማ ነቲ ብኽብሪ ኣቦኡን መላእኽትን ክምለስ ዝኾነ ጐይታና ብሃንቀውታ ምጽብባይ እዩ። ጐይታ ኣብ ወንጌል ዮሐንስ 12:26 " ዘገልግለኒ እንተሎስ ንኣይ ይስዓበኒ። እቲ ዘገልግለኒ

ድማ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ኣብኡ ኪኸውን እዩ። ዘገልግለኒ እንተሎ፡ ንእኡ`ውን ኣቦይ ኬኽብሮ እዩ።" ብምባል ምስዓብና ንምግልጋል ጐይታ፡ መወዳእትኡ ድማ ብምጽኣቱ ምስኡ ብኽብሪ ንምንባር ምዃኑ ኣነጺሩ ገሊጽዎ ኣሎ።

ንሓደ ወደ መዝሙር፡ ናይ ሓቂ ወደ መዝሙር ዘብሎ ድማ ንዕላማን ራእይን ናይቲ መራሒኡ ተረዲኡ ዝሰዕብ ሰብ ምስ ዝኸውን ጥራይ እዩ። ዕላማ ምስዓብ እዚ ወደ መዝሙር ድማ ነቲ ብግቡእ ዝተረድኦ ራእይን ዕላማን እቲ መራሒኡ ንምግልጋል፡ ብመገዲ እቲ ኣገልግሎት ድማ ተኻፋሊ ናይቲ ብተፈጻምነት እቲ ራእይን ዕላማን ዝመጽእ በረኸት ንምዃን እዩ። ስለዚ ዕላማ ምስዓብ ናይ ሓደ ወደ መዝሙር ንምግልጋል ካብ ኰነ፡ ወደ መዝሙርን ኣገልጋልን ክልተ ዘይነጻጸሉ መንነታት እዮም። እዚ ማለት ሰዓብን ኣገልጋልን ክም ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዮም። ስለዚ ድማ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣብ መንጎ ሰዓብትን ኣገልገልትን ፍልልይ ከይገበረ፡ ንኩላትና ከም ኣገልገልቲ ቆጺሩ ዝዛረበና። ፍልልይ ክህሉ እንተ ኾይኑ፡ ኣብቲ ክህነጽ ዘለዎ ሓደ ሕቡር ኣካል - ንሱ ድማ ኣካል ክርስቶስ፡ ህንጻ ኣምላኽ፡ ግራት ኣምላኽ፡ እንታይ ክፍሊ ወይ እንታይ ተራ ወሲድካ ተገልግል ዝብል ጥራይ እዩ ዝኸውን። ጐይታ ባዕሉ ነዚ ክልተ ዘይነጻጸል መንነታት ብኸምዚ ገሊጽዎ ኣሎ፥ "ዘገልግለኒ እንተሎስ፡ ንኣይ ይሰዓበኒ። እቲ ዘገልግለኒ ድማ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ኣብኡ ኪኸውን እዩ። ዘገልግለኒ እንተሎ፡ ንእኡ`ውን ኣቦይ ኬኽብሮ እዩ።" (ዮሃ 12:26) ። ስለዚ ናይ ምስዓብና ዕላማ ንምግልጋል ምዃኑ ጐይታ ካብ መጀመርታ ኣነጺሩ ምሂሩና እዩ። እቲ ንጐይታ ኣብ ምግልጋል ዘይርከብ ሰዓቢ እየ ዝብል ሰብ፡ ዕላማ ምስዓቡ ዝረስዐ ወይ ዘይተረድኦ ሰብ እዩ። ሰዓቢ ክብሃልውን ኣይከኣልን እዩ።

ድሕሪ ናይ ምስዓብ ውሳኔ፡ ምግልጋል ምርጫ ዘይኾነስ ግዴታ እዩ። ርድኢት ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ እዚ እዩ ዝነበረ። "እቶም ናትና`ውን ብዘይ ፍረ ኸይኰኑ፡ ነቲ ብግዲ ዜድሊ ነገር ሰናይ ግብሪ ክገብሩ ይምሃሩ።" (ቲቶ 3:14) ። ደጊሙ ድማ ኣብ 1ይ ቆረንቶስ 9:16-17 ከምዚ ይብለና፥ "ኣነ ወንጌል እንተ ሰበኽኩ፡ ብግዲ በጺሑኒ እዩ እሞ፡ ዝምክሓሉ የብለይን። ወንጌል እንተ ዘይሰበኽኩ ግና ወይለይ። እዚ ፈትየ እንተ ገበርክዎስ፡ ዓስቢ ኣሎኒ። ከይፈቶኹ እንተ ገበርክዎ ግና፡ እዚ መጋቢነት እዚ ብዝኾነ ይኹን ሕድሪ ተውሂቡኒ እዩ።" ኣብዘን ዘንበብናየን ክፍልታት ምግልጋል ንኣምላኽ ኣብቲ ንክርስቶስ ንምስዓብ ዝገበርካዮ ናይ ፍቃድ ውሳኔኻ ዝተኻተተ ዕላማ እምበር ንባዕሉ ዝቖውም ንምርጫ ዝግደፍ ጉዳይ ዘይምዃኑ ጥራይ ዘይኾነስ፡ ምስቲ ተስፋ እንገብሮ ዓስብና ድማ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዩ ዝምህረና። ዓስብኻን ፍረኻን ክበዝሕ ምግልጋል ኣምላኽ ብግዲ ዘድሊ ነገር እዩ።

ጐይታ ድማ ብዛዕባ እቲ ሰዓቢ/ኣገልጋሊ፥ "ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ኣብኡ ኪኸውን እዩ' 'ኣቦይ ኬኽብሮ እዩ" ብምባል ዓስቢ ምስዓብና ገሊጹ ኣሎ። እምበኣርከስ ንኣምላኽ ምግልጋል ኣብቲ ክርስቶስ ዘለዎ ናይ ክብሪ ቦታ ናይ ምዃን መገዲ እዩ። ካብዚ ተበጊስና፡ ምግልጋል ኣምላኽ፡ ንኣምላኽ እንገብረሉ ጉንዖ ዘይኾነስ፡ ካብ ኣምላኽ እንረኽቦ ሓለፋ ምዃኑ ክንርድኦ ኣይከብድን እዩ። ምግልጋል ኣምላኽ ከም ሓለፋ ክርእዮ ዘይኽእል ሰዓቢ፡ ብኹሉ ምውፋይ ከገልግል ኣይኽእልን እዩ። ንሓለፋ ዕጥይ ምጥይ ዝብል ኣካል የለን። እዚ ማለት ንኣገልግሎት ከም ሓለፋ ምጥማት፡ ንኣገልግሎት ኣምላኽ እናተሓጐስካ ክትገብሮ እዩ ዝድርኸካ። ስለዚ ኣገልግሎት ኣምላኽ፥ ብሓጐስን ኩሉ ምውፋይን ናይ ባርያ መንነት ወሲድካ፡ መደብ ኣምላኽ ክዉን ንምግባር እትጻወቶ ተራ፡ እትሰርሖ ስራሕ እዩ።

## <u>መደብ ኣምላኽ</u>

ኣብዚ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ሓሳብ እንተ ተሰማሚዕና፡ እቲ ቐጺልና ክንሓቶ ዘለና ሕቶ፡ እቲ ብሓጐስ ርእሰይ ክውፍየሉ ዘሎኒ ዕላማን መደብን መራሕየይ እንታይ እዩ ዝብል ክኸውን ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ ኩሉ ናይ

መነባብሮና እንጥቕመሉ ብልሓት እዩ - ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ዕዮ ምጅማርና፡ ብዛዕባ ክንበጽሖ እንደሊ ነገር ርዱኣት ምዃን እዩ። እንተዘይኾነ፡ ነገሩ ከምቲ መኸዲኡ ምኽንያት ከይፈለጠ ዝኸደ ናይ ታሪኽ "ልኡኽ ሓሊቦ" ሰብ እዩ ዝኸውን። ናይ ምግልጋልና ዕላማ ድማ መደብ ኣምላኽ ኣብዛ ምድሪ ተፈጺሙ ምርኣይ እዩ። መደብ ኣምላኽ ኣብ ደቂ ሰባት ክጽሞቕ ከሎ "ኵሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ክማረኽ" ፣ "ኵሉ ሰብ ክድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂውን ክብጽሕ" ፣ "ኹሉ ሰብ ብክርስቶስ ምሉእ ኰይኑ ኽቐውም" ፣ "ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ክጥቕለል" ዝብል ሓሳባት ዘለዎ ኾይኑ ኢና ንረኽቦ። (1 ቆረ 10፡5፣ 1 ጢሞ 2፡4፣ ቆሎሴ 1:28፣ ኤፌ 1:10፣ ህዝ 18: 32) ። ስለዚ ኣገልግሎት፡ ኣብ ዙርያ እቶም ብምስሊ ኣምላኽ ዝተፈጥሩ ምድሓን'ውን ክወርሱ ዘለዎም ሰባት፡ ናብዚ ዝጠቐሰ ዕላማታት ዝዓለመ፡ ዝግበር ንጥፈት እዩ። ንጥፈታትና ነዚ መደብ ኣምላኽ ዘፈጽም ኣበርኽቶ እንተ ዘይብሉ፡ ካብ ተራ ናይ ስጋ ሃልኪ ኣይሓልፍን፡ ካብዚ ዝዓቢ ክሳራ ድማ የለን። እዚ ከምዚ ዝበለ ሰብ፡ ነቲ ብሓሰር ዝሃነጸ'ሞ፡ ዕዩኡ ዝነዶዶ ኣገልጋሊ እዩ ዝመስል። ኣምላኽ ካብ ከምዚ ዝበለ ብኽነት ይሓልወና። እዚ ሓደ ዕላማ ብብዙሕ ዝዓይነቱ መንገድታት ክንሃርሞ (ክንበጽሖ) ከም እንኽእል ካብ ቃል ኣምላኽ ብውሑድ ክንርኢ ኢና።

ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ኣገልጋሊ፡ ፍቓድ ናይቲ ዝልኣኾ ኣቦኡ ምእንቲ ክፍጽም ናቱ ፍቓድ ከም ዝሰውኤ ተገሊጹ ኣሎ። (ዮሃ 5፡30፣ ዮሃ 17፡4) ጐይታ ምስ ፍቓድ ኣቦኡ ዝጻረር ሕማቕ ፍቓድ ስለ ዝነበሮ ዘይኰነስ፡ ምግልጋል ፍጹም ምእዛዝ ዝሓትት ጉዳይ ምዃኑ ንምርኣይ እዩ። ናይ ሓደ ዕዉት ኣገልጋሊ መለለዩ ድማ እዚ እዩ፥ ምሉእ ፍቓዱ ንዕላማን መደብን መራሒኡ ዝውፊ። ብዝተመቓቐለ ፍቓድ ዕዉት ኣገልግሎት ክግልገል ኣይከኣልን እዩ። ከምቲ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ ከምዚ ኢሉ "ዓቀይታይ ናብ ኵናት ከይዱስ፡ ነቲ ዘዐቀዮ ምእንቲ ኺስምሮ ኢሉ፡ ብናይ መነባብሮኡ ዚጠላለፍ የልቦን።" ብዝኾነ ምኽንያት እናተጠላለፍካ ንጐይታኻ ዘስምር ኣገልግሎት ከተገልግል ኣይከኣልን እዩ (2ጢሞ 2:4)። ከምቲ ነብዩ ሆሴእ'ውን ዝበሎ ፥ "ልቦም ተመቕለ፣ ሕጂ ገበነኛታት ኰይኖም ተረኽቡ..." ዝተመቓቐለ ልቢ ኣብ ኣምላኽ ፍንፉን ሓጢኣት እዩ። ምኽንያቱ ኣምላኽ ጐደሎ መስዋእቲ ዘይቅበል ሕቡን ኣምላኽ ስለዝኾነ። ነዚ ድማ እዩ እታ ልዕሊ ኩላተን ትእዛዛት ኣምላኽ ተሰሪዓ እትመጽእ እታ "ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብዅሉ ንፍስኻን ብዅሉ ሓሳባትካን ኣፍቅሮ" እትብል ኾይና እንረኽባ። ከምቲ ጐይታና ንሃዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ፡ ዘፍቅሮ እንተኾይኑ ዕያውቱ ከብልዕ፡ ኣባጊዑ ክሕሉ ዝኣዘዞ ድማ፡ ካብ ኣገልግሎት ዝዓቢ መግለጺ ፍቅርን ኣኽብሮትን መራሒና የብልናን።

## <u>በብክፍሉ ኣካላቱ ኢኹም</u>

መጽሓፍ ቅዱስ ንመንነት ኣመንቲ ከምቲ ኣብ ሓደ ኣካል ዘሎ ብዙሕ ዝዓይነቱ ክፍልታት ገይሩ እዩ ዝገልጾም (1ቆረ 12፡14-26)። እዛ ኣካል እዚኣ እታ ክርስቶስ ዝርእሳ ናይ ሃዋርያት ጉባኤ ዝኾነት ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን እያ። ሰዓብቲ ክርስቶስ እምበኣር ብሓባር ቤተ ክርስትያን የቘሙ። ነፍሲ ወከፎም ድማ በብቲ ኣምላኽ ዝመደበሉ ኣብቲ ኣካል (ቤተ ክርስትያን) ክፍሊ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል እዛ ኣካል፡ ንዕኡ ንበይኑ ክዓዮ ዝተሰርዐ መደብ ኣለዎ። ንጥዕናን ዕቤትን እቲ ኣካል ዝጠቅም ወሳኒ ዝኾነ ኣገልግሎት ድማ ይውፊ። እግዚኣብሄር ከም ብልሓተኛ ሃናጺ ነቲ ክፍልታት ንሓደ ዝተፈልየ ዕዮ ከም ዝጠቕም ጌሩ ከም ዝሃነጾ ድማ ኣመንቲ ኣብቲ ኣካል ንሳቶም ብዝበለጸ ከበርክትዎ ዝግብኦም መደብ ኣለዎም። ስለዚ እቲ ክፍልታት ኵሉ ሓደ ከም ዘይኾነ፡ እቲ ኣገልግሎት ድማ በበይኑ እዩ። እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓደ ዝዕላምኡ መደብ ኣምላኽ፡ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ኣገልግሎታት እዩ ዝግልገል። ከምቲ ድሮ ተረዲእናዮ ዘሎና፡ ጐይታ መንፈስ ቅዱስ ንቤተክርስትያን ምልእቲ ምእንቲ ክትከውን ንኣመንቱ ከምቲ ዝደለዮ ጌሩ ገግዲኦም ዝህቦም ውህበት ኣለዎ። እዚ ድማ ኣገልግሎት ብውህበት ኣምላኽ ድኣ እምበር ብኽእለት ሰብ ዝፍጸም ዘይምዃኑ እዮ ዘርእየና። "ኣይ ብሓይልን ብኽእለትን ብመንፈሰይ እዩ።" ዘካ 4፡6

እቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ፡ ሃዋርያት፡ ነብያት፡ ወንጌላውያን፡ ጓሶት፡ መማህራን፡ ገበርቲ ሓይሊ፡ ፈወስቲ፡ ብምሃብ ዘገልግሉ፡ መራሕቲ፡ ደንገጽቲ፡ መዓድቲ፡ ምግላጽ ዘለዎም፡ ቋንቋታት ዝዛረቡን ዝትርጉሙን ወዘተ የጠቓልል (ሮሜ 12:3-8, 1ቆረ 4-11, ኤፈ 4:11-13) ። ውህበት ኣምላኽ መሳርሒ እዩ። ኣብዚ ርግጸኛታት ክንኮነሉ ዘለና፡ ውህበት እቲ መንፈስ ከም ዝደለዮ ገግዲኦም እናመቀለ ዝገብሮ ምኽኑ ምፍላጥ እዩ። ነፍሲ ወከፍና፡ ኣብቲ ኣካል ክሳብ ዘለና፡ እንታይ ምኽኑ እኳ ክንገልጾ እንተ ዘይከኣልና ግዴና ተቐቢልና ኢና። ኣምላኽ ከይሕሱ ሰብ ኣይኮነን፡ ከይጥዓስ`ውን ወዲ-ሰብ ኣይኾነን።

## ምልላይ ውህበት

ሰብ ንገዛእ ርእሱ ምሉእ ብምሉእ ኸፈልጣ ኣጸጋሚ እዩ። ምኽንያቱ ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብለና ልቢ ሰብ ካብ ኩሉ ጐራሕን ሕሱምን እዩ፡ መንከ ክፈልጦ ይኽእል። ናይ ስነ ልቦና ምሁራት ከም ዝገልጽዎ፡ መንነት ሓደ ሰብ ብ ኣርባዕተ መሳኹቲ እዩ ዝውከል (እዚ ኣገባብ Johari Window ዝብል ስያሜ ኣለዎ) ። ሓደ መስኾት ንዕኡን ንካልኦትን ግሉጽ ዝኾነ እዩ። ሓደ መስኮት ንዕኡ ጥራይ ግሉጽ ዝኾነ እዩ። እቲ ሳልሳይ መስኮት ንካልኦት ግሉጽ ንዕኡ ግና ግሉጽ ዘይኾነ እዩ። እቲ ራብዓይ መስኮት ግና ንዕኡ ይኹን ንካልኦት ዘይግሉጽ እዩ። በዚ ኣዘራርባ ሓደ ሰብ ኣብ ርእሱ ተሞርኲሱ ንገዛእ ርእሱ ኣብቲ ክልተ ካብ ኣርባዕተ ዝኾነ መሳኹቲ ጥራይ እዩ ክፈልጣ ዝኽእል። ስለዚ ሓደ ሰብ ፍልጠተ ርእሱ ከዕቢ እንተ ኾይኑ ካብ ኣብ ርእሱ ጥራይ ምውካል ሓሊፉ ኣብቲ ካልኦት ብዛዕብኡ ዝፈልጥዎ ክጥምት ከድልዮ ናይ ግድን እዩ። በዚ መንጽር ውህበትና ኣብ ምልላይ፡ ኣብቲ ንዓና ግልጺ ዝኾነልና ከይተሓጸርና፡ ኣብቲ ብዛዕባና ነሕዋትናን (ንቤተ-ክርስትያን) ግልጺ ዝኾነ ውህበትና ክነስተብህል ኣድላዪ እዩ። ኣብዚ ግና ከም ኩሉ እዋን ጥንቃቐ ክንገብር ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ድምጽታት ካብ ስጋ ክነቕል ስለ ዝኽእል፡ ንኹሉ ብቓል ኣምላኽ ምፍታን የድሊ።

ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ንጹር ዝኾነ መገዲ መለለዪ ጸጋኻ እዚ እዩ። ኣብ እትገብሮ ኩሉ ዓይነት መንፈሳዊ ንጥፈታት፡ ኣገልግሎትካ፡ እቲ ብዘይ ብዙሕ ጻዕርን፡ ገድልን ብዙሕ ውጽኢትን እትዕዘበሉ ናይ ኣገልግሎት ክፍሊ እዩ ዝኸውን። ናይ ወንጌላውነት ውህበት ዘለዎ ሰብ ዝተወሳሰበ ስብከት ክሰብኽ ከየድለዮ ብዙሓት ሰባት ንስብከቱ ምላሽ ሂቦም ናብ ንስሓ ክመጹ ይርአዩ። እዚ ድማ ግሁድ መርኣዪ ህልውና ሓደ ዝድግፍ መንፈሳዊ ሓይሊ ኾይኑ ኢና እንረኽቦ። ናይ ምሃብ ጸጋ ዘለዎ ሰብ ድማ ብዘይ ብዙሕ ውረድ ደይብ ብቐሊሉ ናይ ምሃብ ጠለብ ኣብ ዝርኸበሉ ኢዱ ዝዝርግሕ እዩ። እቲ ሓደ መንፈሳዊ ኣግልግሎት ክገብር ዝብገስ ሰብ፡ ንነፍሱ ናብቲ ናይ እምነት ቦታ ከምጽኣ ብዙሕ ጻዓት ዝጠልቦ እንተኾይኑ፡ ምናልባት እቲ ኣገልግሎት ናይ ጸጋ ውህበቱ መፈጸሚ ቦታ ከይከውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ጸግኡ ኣብ ምልላይ ንጹርነት ክረክብ መሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ክሓትት ጽቡቕ እዩ።

## ውህበት ዝዓቢ እዩ

ኣብ ብዙሕ ክፍሊታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ እንዕዘቦ መትከል ብዛዕባ ውህበትን ጸጋ ኣምላኽን፡ ብንእሽተይ ነገር ጀሚሩ እናዓበየ ዝኸይድ ምኽኑ እዩ። እቲ ወሃቢ ውህበት ነቲ ውህበት ዘዕብየሉ ድማ ብመጠን ዓቕምና ምኽኑ ኣብቲ ምስላ መኽሊት ዝተቐበሉ ሰለስተ ባሮት ሓቂ የነጽረልና እዩ። እዚ ዓቕሚ ግና ኣብቲ ስጋዊ ብቕዓት ናይቲ ተቐባሊ ዝምርኰስ ዘይኾነስ፡ ከምቲ ኣብቲ ክፍሉ ደጊሙ ዘብርሆ ኣብ እሙንነትናን ናይ ልብና ኩነታትን ምኽኑ ኢና እንርኢ። ስለዚ ውህበት ካብ ኣምላኽ ንምቕባል ይኹን ወይስ ንምዕባዩ እሙናት ናይ ምኽን ጉዳይ ካባና ከም ዝጥለብ ነስተውዕል። ምኽንያቱ ምስ ውህበት ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ነገር እንተ ኣልዩ

ተሓታትነት እዩ። እሙን ዘይምዃኑ ንእትፈልጦ ሰብ፡ ሕድሪ ምሃብ ተሓታትነቱ ዘብዝሕ መፈንጥራ እዩ። ስለዚ ኣምላኽ ነዚ ከምዚ ዝበለ ሰብ ውህበት ክውስኾ ምጽባይ ኣይከኣልን እዩ።

ኣምላኽ እሙን ስለዝኾነ ከም ውሉድ መጠን ንነፍሲ ወከፍና፡ ኣብቲ ኣካል ክንሃንጸሉ ዘኽእለና ውህበት ጸጋ ይህበና እዩ። እቲ ናይ መጀመርያ፡ ውህበት ናይ ምዕባይ መዳይ፡ ነቲ ኣባኻ ድሮ ዝተነብረ ውህበት ብምሉእ ብቕዓት (Full potential) ክትፍጽመሉ እትኽእለሉ ኩነት ምብጻሕ እዩ። እዚ ድማ ናይ ኣምላኽ ጸጋ ብዘይ ምቑጣብ ኣባኻ ክዓዪ፡ ካብ ህይወትካ ዕንቅፋት ኪኾውን ዝኽእል ሰብኣውን ስጋውን ነገራት ብምእላይ እዩ። እቲ ኣብቲ ጠርሙዝ ተዓጽዩ ዝነበረ ሽቶ ናይታ ንጐይታ ገና ብህይወቱ ከሎ ንቐብሩ ዘዳለወቶ ሰበይቲ፡ ኣገልግሎቱ ክህብ እቲ ጠርሙዝ ክስበር ነበሮ። "ክርስቶስ ናባኻትኩም ብርቱዕ እዩ እምበር፡ ናባኻትኩም ድኹም ኣይኮነን እሞ..." ኸም ዝበሎ ሃዋርያ፡ እቲ ኣባና ሓዲሩ ብኣና ዝገብር መንፈስ ቅዱስ ካብ ልብና ይዓቢ እዩ'ሞ ንልብና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ነህድኣዮ። ንውጽኢት ናይ ንጥፈታትና ክንቆጻጸሮ (Control) ከይፈተንና ንኣምላኽ ክንቆመሉ ጥራይ ንረኽብ። እቲ ካልኣይ ውህበት ዝዓብየሉ መዳይ ድማ ናይ መጠን/ብዝሒ (Quantity) ዕቤት እዩ። እዚ ዓይነት ዕቤት ኣብ እሙንነት እቲ ተቐባሊ፡ ኣብ እቲ ኣቐዲሙ ተዋሂብዎ ዝነበረ ውህበት ዝምርኾስ እዩ። ብሒደት ዝተኣመነ ናብ ብዙሕ ይሽየም ዝብል ሰማያዊ መትከል ነዚ ይምህረና።

## <u>ውህበት ተሓታትነት ኣለዎ</u>

ይንኣስ ይዕበ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኣምላኽ ናይ ጸጋ ውህበት ከም ዝተቐበልና ካብ ፈለጥና፡ ኣምላኽ ኣብ መወዳእታ ናይቲ መዓልቲ፡ ንነፍሲ ወከፍና ብዛዕባ እቲ ዝሃበና ሕድሪ ዝጸባጸበና ግዜ ከም ዘሎ ክንፈልጥውን ግቡእ እዩ። ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ሓቂ ኣነጺሩ ምሂርዎ ኣሎ። መንግስቲ ኣምላኽ ንባሮቱ መኽሊት ሂቡ መገሻ ዝተበገሰ በዓል ቤት ትመስል። ንነፍሲ ወከፎም ከከም ዓቕሞም መኽሊታት ሃቦም። ገለ እዋን ምስ ሓለፈ ግና ተመሊሱ ንነፍሲ ወከፎም ጸብጻብ ክህብዎ ሓተቶም። እዚ ሕቶ ንገለ ሰባት ዝሕዛእ ሕቶ ዘይኾነስ ንነፍሲ ወከፍ ሰዓቢ ክርስቶስ ክሕተት ዘለዎ ዓለምለኻዊ (Universal) ሕቶ እዩ፡ እሞ ብኸመይ ዝበለ ትግሃት ንመኽሊትና ክነሽርፍ ንነጥፍ ኣለና፤ ነዚ ድማ እዩ ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ "ስለዚ፡ ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ ጻዕርኹም ብጐይታ ኸንቱ ኸም ዘይኮነ ፈሊጥኩም፡ ብዕዮ ጐይታ ጽኑዓት፡ ዘይትናቓነቑ፡ ኵሉ ግዜ ዕዙዛት ኩኑ።" (1ይ ቆሮንቶስ 15:58) ኢሉ ዝምዕደና። እቲ ብዕዮ ጐይታ ሸለል ዝብል፡ ብትህኪት ድማ መኽሊቱ ዝቐብር ሰብ ግና ነታ መኽሊት ዋላ'ኳ እንተዘየጥፍኣ፡ ካብ ቁጥዓ ጐይታ ኣይክሞልቕን እዩ። ንዘይ ምግልጋልና ቅቡል ክኸውን ዝኽእል ምስምስ ከምዘየለ ዘመልክት ሓሳብውን እዩ። እቶም እዚ ነገር ብግቡእ ዝተረድኦም ቅዱሳን፡ ኣብ ዘይምግልጋል ምኽንያት ወይለይ ዘብል ወዮ ምኽኣኑ እናተኣመኑ ሓለፉ። ስለዚ ብኾሉ ትግሃት ንኣምላኽ ንምግልጋል ርእስና ነዳሉ። ኣምላኽ ካብ ክግልገለልካ ዝዓቢ ብጽእና የልቦን እሞ፡ ከምታ ንምውጣሕ ጐይታ ዝባና ዝሃበት ጻዕብ ኣድጊ፡ ጐይታ ክኽብረልና ርእስና ንወፊ። ሽዑ በቲ ብኣና ዝኸበረ ጐይታ ክንኽብር ኢና። ኣታ ከምዚ እናገበርካ እትርኽብ፡ በረኸት ካብ እግዚኣብሄር፣ ጽድቂውን ካብ ኣምላኽ ምድሓንካ ኪትቕበል ኢኻ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነቲ ብሒደት ዝተኣመንካዩ ምእማን ኣብ ብዙሕ ብምሻም ዝምጉስ እኽሊል ዓወት ደፊእካ ኣብቲ ጐይታ ዘለዎ ክትቕመጥ ክህበካ እዩ።

ኣምላኽ ኣዒንትና ይኽፈተልና!! ኣሜን።

ስብሓት ለእግዚኣብሔር ለኣለም ወለኣለም